
**Service de l'enseignement spécialisé**
**et des mesures d'aide** SESAM
**Amt für Sonderpädagogik** SoA

Rue de l'Hôpital 3, 1701 Fribourg

T +41 26 305 40 60
www.fr.ch/sesam

# MAR እንታይ ኢዩ ፧

## (ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ)



ንመን ?

**ኣብ ቤት ትምህርቲ፣** ኵሎም ተመሃሮ ሓደ ዓይነት ሓገዝ ኣየድልዮምን ኢዩ።

ገሊኦም ተመሃሮ ካብ ካልኦት ዝያዳ ሓገዝ የድልዮም።

ሓደ ተመሃራይ ኣገዳሲ ሓገዝ እንተኣድልይዎ፣ ሕይል ዝበለ ስጉምታዊ ደገፍ የድልዮ። MAR ማለት ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ ማለት ኢዩ።

MAR ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ስንክልና ጸገም ዘለዎም ተመሃሮ ዝሕግዝ ኢዩ። እቲ ተመሃራይ ናይ ሕክምና መርመራ ክህልዎ ኣለዎ፣ ንኣምነት ምስ ኦቲዝም ዝተኣሳሰረ ጸገም፣ ናይ ስነ ኣእምሮ ስንክልና.....

ብጠቕላላ፣ ሓደ ተመሃራይ ናይ ክልተ ዓመት ናይ ዝሓየለ ስጉምቲ ደገፍ ይግበረሉ።
ድሕሪ ክልተ ዓመት፣ ሓድሽ ውሳኔ ይግበር።

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ሓሙሽተ ዓይነት ናይ ዝሓየለ ስጉምቲ ደገፍ ኣሎ :

1. **<u>ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ፍሉይ ቅድመ ትምህርቲ</u>**

**ሓገዝ ኣብ ገዛ** : ቅድመ ዕድመ ትምህርቲ፣ ድሮ ሓደ ቆልዓ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል ኢዩ።


ሓደ ክኢላ ሰብ፣ ካብ 0 ክሳብ 6 ዝዕድሜኦም ንኣሽቱ ቆልዑ ኣብ ገዛ ሓገዝ ይህብ።

2. **<u>ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ውህደታዊ</u>**

**ሓገዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገጠር (ወይ ኣብ ከባቢ)** : ሓደ ክኢላ መምህር ነቲ ተመሃራይ ኣብቲ ዝቕመጦ ቦታ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ይሕግዞ። .

እቲ ተመሃራይ ኣብቲ ኣብ ዓዱ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ይወሃሃድ።

እቲ ሓገዝ **ካብ 2 ክሳብ 6 ሰዓት ኣብ ሰሙን ኢዩ.**

| | |
|---|---|
| | **3. <u>ዝሓየለ ድገፍ ስጉምቲ (MAR) ሓጋዚ ህይወት ቤት ትምህርቲ</u>**<br><br>**ግብራዊ ሓገዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገጠር (ወይ ኣብ ከባቢ)** : እዚ ሓጋዚ ህይወት ቤት ትምህርቲ ነቲ ትመሃራይ ንድሕነት፣ ንምንቅስቓስ፣ ክዳውንቱ ንምልባስ፣ ንምምጋብ፣ ኣብ ሽንቲ ቤት ምኻድ ይሕግዞ...።<br><br>**4. <u>ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ፍሉይ ቤት ትምህርቲ</u>**<br><br>**ሓገዝ ኣብ ሓደ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ** : ሓደ ክኢላ መምህር፣ ነቲ ተመሃራይ **ኣብቲ ሙሉእ ናይ ትምህርቲ ጊዜ** ይሕግዞ.<br><br>ሓደ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ፣ ውሑዳት ተመሃሮ ዘለዎ ኢዩ።<br><br>ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ 9 ፍሉያት ቤት ትምህርቲ ኣለዋ፣ ንሳተን ከኣ ዝርዝረን እነሆ: Villars-Vert, les Buissonnets, St-Joseph, le CEP, le Carré d'As-CESL, Clos Fleuri, les Peupliers, CENSG, Flos Carmeli.<br><br>**5. <u>ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ኣሕዳሪ ቤት ትምርህቲ</u>**<br><br>እቲ ተመሃራይ ኣብቲ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ክሓድር ይኽእል ኢዩ። |
| <br><br>ከመይ ይግበር፧ | **ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR)ንምቕባል ዝተፈላለዩ መድረኻት :**<br><br>**1. ናብ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ዝልኣኽ ሕቶ**<br><br>**ወለዲ** ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ ይሓቱ።<br><br>ሰብ ሞያ (መምህር፣ ምምሕዳር፣ ቴራፒስት፣ ሓኪም) ንወለዲ ሓገዝ ንኽሓቱ ይሕግዙዎም።<br><br>ቴራፒስት ክብሃል ከሎ፣ ናይ ምዝራብ ቴራፒስት፣ ስነ-ኣምሮኣዊ ሞተር ቴራፒስት፣ ,<br>ክኢላታት ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ሞያዊ ፍወሳ...<br><br>ምስ ወለዲ ኰይኖም **ንዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ ሰነዳት** ይመልኡ።<br><br>እቲ መምህር ትምህርታዊ ጸብጻብ ይጽሕፍ።<br>እዚ ድማ **ፔዳጎጅካዊ ምትእኽኻብ** ይብሃል። ፔዳጎጂካዊ ምትእኽኻብ ናይቲ ተመሃራይ **ኣብ ቤት ትምህርቲ** ዘለዎ ጸገምን ሓይልን ይገልጽ።<br><br>ሓደ ሓኪምን ቴራፒስታትን ካልእ ጸብጻብ ይቕርቡ።<br>**እዚ ጸብጻብ እዚ** ናይቲ ተመሃራይ ጸገምን ሓይልን ምስቲ ዝግበረሉ **መርመራታት ዝተሓሓዘ** መግለጺ ዝህብ ኢዩ። |

መዓስ፡

**እቲ ሕቶ ናብ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) መዓስ ኢዩ ዝልኣኽ ፧**

**ን 31 ጥሪ :** ሰብ ሞያ ናይቲ **ቤት ትምህርቲ** ወይ ወለዲ እቲ ሕቶ ናይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (ምስቲ ፔዳጎጂካዊ ምትእኽኻብ ኣተሓሒዞም) ናብ SESAM (ኣገልግሎት ፍሉይ ትምህርትን ደገፍን) ይልእክዎ።

**ን 28 ለካቲት :** እቶም ሓኻይም ወይ እቶም ቴራፒስት እቲ ጸብጻቦም ናብ SESAM ይልእክዎ።

ኣበይ፡

**ሕቶ ናይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ናበይ ኢዩ ዝልኣኽ ፧**

SESAM
Rue de l'Hôpital 3
1701 Fribourg

## 2. ምልክታ ናይ SESAM


ጉጅለ ሰባት ናይ SESAM ነቲ ሕቶ ይርእይዎ።
እዚ ጉጅለ እዚ ኣሃዱ ገምጋም ይብሃል።
እዚ ኣሃዱ ገምጋም ንክኢላ ተቛጻጻሪ፣ እዚ ተመሃራይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስንክልና ኣለዎ ድዩ የብሉን ብምባል ይነግር። እዚ **ምልክታ** ይብሃል።
እቲ ምልክታ ንወለዲ ብፖስታ ይልኣኽሎም።

## 3. ናይ ምስማዕ መሰል

እቶም ወለዲ ምስቲ መልእኽቲ ናይ ምልክታ ኣይተሰማምዑን፧
እቶም ወለዲ ነቲ ተቛጻጻሪ ሓበሬታ ክህብዎ ዶ ምደለዩ፧
ስለዚ ክብሉዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኸኣ **መሰል ምስማዕ ይብሃል።**
እቶም ወለዲ ምስቲ ኪኢላ ተቛጻጻሪ ርክብ ንኽገብሩ (ብተሌፎን፣ ብኢመይል ወይ ብደብዳቤ)**10 መዓልቲ ኣለዎም**። ኣድራሻ ኣብዚ ታሕቲ እነሆ።

**Inspecteur spécialisé :**
Christophe Maradan
Rue de l'Hôpital 3
1701 Fribourg

026 3057385
christophe.maradan@fr.ch

<table>
<tr>
<td></td>
<td>


## 4. ውሳኔ ናይቲ ክኢላ ተቛጻጻሪ

እቲ ክኢላ ተቛጻጻሪ፣ እቲ ተመሃራይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ ክህልዎ ድዩ ኣይክህልዎን ይውስን።<br>
እቲ ክኢላ ተቛጻጻሪ ኣየናይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ ነቲ ተመሃርይ ይውሃብ እውን ይውስን።<br>
እቲ ተመሃራይ ናብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ድዩ፧<br>
እቲ ክኢላ ተቛጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ይመርጽ።

## 5. መሰል ይግባይ ምባል

ወለዲ በቲ ውሳኔ ኣይተሰማምዑን፧<br>
ስለዚ ኣይተሰማማዕናን ክብሉ ይኽእሉ ኢዩም። እዚ ኸኣ **ይግባይ** ይብሃል።<br>
እቶም ወለዲ ናብ ኣገልግሎት ሕጊ DFAC (ምምሕዳር ስልጠናን ባህላዊ ጉዳያትን)ንኽጽሕፉ<br>
**10 መዓልቲ** ኣለዎም.<br>
እቲ ውሳነ ንወለዲ ብፖስታ ይልኣኽ።

**DFAC**<br>
Service juridique<br>
Rue de l'Hôpital 1<br>
1701 Fribourg

</td>
</tr>
<tr>
<td></td>
<td>

ነፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ናይ ዝሓየለ ደግፍ ስጉምቲ (MAR) **PPI** (ውልቃዊ ትምህርታዊ ፕሮጀክት) ኣለዎ ።<br>
ኣብቲ PPI፣ እቲ ክኢላ መምህር ናይቲ ተመሃራይ **ዕላማ ትምህርቲ** ይጽሕፍ።

ሓደ ናይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ተመሃራይ፣ ካብ ካልኦት ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ ተማሃሮ ናይ ዝተፈላለየ ዕላማታት ክሰርሕ ይኽእል።

ሓደ ናይ ዝሓየለ ደገፍ ስጉምቲ (MAR) ተመሃራይ፣ ዝተፈልየ ጸብጻብ ቤት ትምህርቲ ኣለዎ።<br>
ጽሑፋዊ መግለጺታት ንነጥብታት ክትክኡ ይኽእሉ እዮም።

</td>
</tr>
</table>

**ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ታሕቲ ተወከሱ :**

SESAM
Service de l'Enseignement Spécialisé et des Mesures d'Aide

Rue de l'Hôpital 3, 1701 Fribourg

T +41 26 305 40 60

www.fr.ch/sesam

sesam@fr.ch